# ጀጋኑ ኣዴታት ኤርትራውያን ፡

ኲላትና ከምንፈልጦ ኣዴታት ኤርትራውያን ፡ ጅግንት ፈጺመን ጅግንነት ዘውርሳ ፡ ፍቅሪ ዝፍልፍላ ፡ ኪዳነን ኣጽኒዐን ጀጋኑ ዝወልዳ ፡ ኣመና ለውሃተን ፡ ዘይነጽፍ ፍቅረን ፡ ኲሉእንትንአን ከይበቐቓ ንህዝበንን ሃገረንን ዝሕብሕባ ፡
ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ማዕረ ደቂተባዕትዮ ብጾተን ፡ ዝተበጀዋ ፡
ብንቕሓተንን ቃልሰንን ጸልማት ውሻጠ ቀንጢጠን ማዕርነተን ዘረጋገጻ ፡
ኣብ ምውሓስ ልዑላውነት ፡ ሃገረይ ስልማተይ ኢለን ብምውሳን ንጸላእቲ ዝሰዓራ ፡
መዘና ኣልቦ ከዋኽብቲ ናይ ኣፍሪቃ እንተበልናየን ምግናን ምኣስኮይኑ ፡

ኣብዚ ሎሚ እዋን ግን እቲ ገሪሙና ዘሎ ! ዘመንያግርምቢጥ ማይ ንዓቐብ ! ኮይኑዘሎ፡

- ክንዲ ጀጋኑ ፈርየን ዋልታ ንሃገር ዘውፈራ ፡
- ክንዲ ሃገረይ መሰለይ ናጽነተይ ዘዝመራ ፡
- ክንዲ ፈኸራን ዕንደራን ወያነ ዘምከና ፡
- ብጃንዳ ወያን ኣስከሬናት ጀጋኑና ዝዘርወ ፡ ኣኪበን ክንዲ ዝሓየባ ፡
- ክንዲ ንህዝበን ንሃገረን ፍቕረን ዝለገሳ ፡

ናይ ብሓቂ ዘይትኣደነ ይብሉ ተዛረብቲ ፡ መኸንያቱ እቲ ዘስደምም ናይ’ዞም ንጥንቅልዒት ዝሸኑ ፡ ኣብፈቐዶ ባዕዲ ሃገራት ዝምእርሩ ፡ ሓላፍነት ዘይስምዖም ሃገራውነቶም ከምሕሱም ዝቐበሩ ፡ ተሰሚዑን ተፈጺሙን ዘይፈልጥ ፡ ነዴታት ኤርትራ ፡ ክደፍሩ ይርኣዩ ኣለዉ ፡ መሸተ መጉሃይ ዘመዱ ዝብልዎ ከምዚ ምስረኽቡ’ዶ ኣይኮኑን ?

ኣብዚ ሕጂሕጂ እዋን እቲ ትኣምራት ዝሰርሕ ዘሎ ሃማድኤ ፡ ንምጽላሙ ካብቲ ተተሓሒዘምዎ ዘለዉ ዘይቅዱስ ነውራም ተግባራቶም ኮይኑ ፡ ሕስረትን ውርደተን ትሓንጊጦም ምውጥይጣይ እንተዘይኮይኑ ፡ ሃማድኤስ ፡ ጉዕዞ መንግዱ ብዓወት ይዛዝሞን ፡ ሓድሽ ሃገራዊ ንድፊ ይነድፍን’ዩ ዘሎ ፡

ካብ ሰይጣን ግን መን’ዩሞ ዝጽበ ጽድቃን !!!

ዕላማ ናይዚ እከይ ውዲታቶም ኣይስሓትናዮን ፡ ወላውን መራሕቲ ምንግስቲ ኣሜሪካ ፡ እቲ ኣብ ልቦም ደስኪሉ ሕማም ዘሎ ፡ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት በጨቕ የብልዎ እዮም ፡ ውፍሪ ናይዞም ከድዓት መሳሰይቲ ናይቲ ዕሱብ ጃንዳ ወያነ ዕላምኡ ፡ ከይተበገሰ ከሎ ምኣስ ስሒትናዮ ፡
ቁጠባ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ፡ ምንጩ እዚ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ ፡ እንተኾነ ብዝኾነ ሜላን ጥበብን ኣመኽንዮም ኣንጻር መንግስቱን ሃገሩን ከሰልፍዎ ፡ እንዘይተኻእለ ሓድነቱ በታቲኖም ከምዘይሰርሕን ፡ ነንሓድሕዱ ክባላዕን እዩ ያኢ እቲሓሳባቶም ፡ ነዚ ውዕለት ዘይትኣደነ ዶላራት ፈሲሱን ይፈስስ ኣሎን ፡ ኣብ መቐለን ኣዲስኣበባን ዝካየድ ባይቶ ኣጋንንቲ ካብዚ ሓሊፉ ካልእ ኣይንጽበን እቲምንታይሲ ፡ ዓርኪ ሰባር ነቓዕ ስለዝኾነ ፡ ካልእ ክሰርሕ ከቶ ኣይትዓደለን ፡
ህዝብን መንግስቲ ኤርትራን ፡ ከም ማይን ጻባን ዝተሓዋወሰ ፡ እንተሓቖንካዮ ንፈተውቱ ፡ ምክኻት ጠስሚ ዝዛሪ ፡ ንጸላእቱ ክኣ መርዚ ምዃኑ ፡ ካብ ሕሉፍ ተግባራቶም ዘይምሃሩ ኣብድታት እዮም ፡
ኣብዚ ትማል ናይ 2008 ዓ.ም ፌስተቫል ጀርመን ፡ ሃገራውያን ኣብዚ ሃገራዊ ነግዲ እንግዶት ናይ ሓፈሻዊ ንጥፈታት ሃገርን ባህልን ምኣዲ ሽሻይ ዝቕረበሉ ፡

*ደርሆ ፋሕቲራ እትረኽቦ ሙህሙን ሽጣራ ፡ ምስ ምሓዛኻን መትዓቢትኻን እትራኸበሉ ፡ ንዓመት መመላእታ እትጽበየሉ ህዝባዊ ፌስቲቫል ፡ መታን ህዝቢ ከይሳተፍ ፡ ኣሎ ዝበሃል ፍሹል ፈኸራን ዳንኬራን ፡ ኣንጻር ህዝቢ ብእዉጅ ንምዕንቃፉ ፈታቲኖም ፡ ግዳይ ናይዚ ጽዩፍ ተግባራቶም ዝኾና ኣብነታዊት ኣደ ወ/ሮ ኣብርዩት ገብረመድህን ፡ ከምቲ ንሳቶም ዘወንጀልወን ዘይኮና ፡*

*ኣብነታዊት ኣደ ፡*



*ወ/ሮ ኣብርሀት ገብረመድህን*

*ንዝገበሩለን መሰናኸላት በቲ ተባዕ ሃገራዊ ፍቕረን ፡ ካብ ህዝበይ ሃገረይ መንግስተይ መን'ዩ ዝፈልየኒ ፡ ትኣለ ኣታከዳዕ ኢለን ሓረበኛዊ ስጉምቲ ብምውሳደን ፡ ናይ ብሓቂ ወላዲት ጀጋኑ ፡ ሓብቲ ናይ እተን ብጅግንነት ምእንቲ መሰለን ሓርነተን በጃ ዝሓለፉ ጀጋኑ ስለዝኾና ፡ ኣብነታዊ ኣደ እየን ፡ ኣብ ዝገበሩለን ናይ ኣምስሉ ክሲ ኣብ ቅድሚ ናይዚ እንነብረሉ ሃገረ ጀርመን ረቲዐን ፡ መኸንያቱ ኤርትራዊ ሃሪሙ ዘድምዕ ሞጊቱ ዝረትዕ ስለዝኾነ ፡ እዚ ክኣ መርኣያ ሓቂ ኩሉ ግዜ ምዕርግቲ ኮይና ኣብልዕሊ ሓሶት ስላእትነግስ ፡ እንቶ ሓሰውትን መድሃርትን ከድዓትን ፡ ማይ ዓሚኹም ተሪፎም ፡ ኣብነታዊት ኣደ ወ/ሮ ኣብርሀት ፡ እንቋዕ መጎሰክን ፡*

*ህዝቢ ኤርት ብመኽትኡ ክብሩ ዝወንን እኳ እንተኾነ ፡ ኩሉ ሃገራዊ ነዚ ጉዳይ ብዕቱብ ርእዩ ኣብነተን ክኽተል በዚ ኣጋጣሚ ለበዋይ የመሓላልፍ ፡*

*ቅልጽምና ኣይዕጸፍን እዩ ፡ ቅልጽም ሓፋሽ ስለዝኾነ !*
*መኸተና ትዓዋቲ እዩ ፡ ንሰላምን ራህዋን ስለዝኾነ !*
*ጸላእትና ክኣ ኣብቲ ህዝባዊ ቃልስና ተጥሓንቲ እዮም ፡*
*ግርማ ሃገርና ንዘንተእለት ተኾሊዑ ዝነብር እዩ !*

*እቲምንታይሲ ብናይ ጀጋኑ ኣዕጽምቲ ዝተኸከለለ ስለዝኾነ ፡*

*ዓወት ንሓፋሽ !*

*ካብ ብርዒ ሓቂ ፡*